# መግለጺ ብመኽንያት ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና

ፍትሓዊ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ንከባቢ 20 ዓመት ብሰላማዊ ኣጋባብ ዘካየዶ ቃልሲ ሰማዕ እዝኒ ስለ ዝሰኣነ፡ ብባሕቲ መስከረም 1961 ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብዕጥቂ ተሰንዩ ክኽጽል ናይ ግድን ነበረ። ብውሑዳት ጀጋኑ ተቓለስትን ብንእሽቶ ናይ ቁልዒ ዓቕሚ ዝነበሮ መሳርያን እቲ ቃልሲ ተበገሰ። ብናይ ሰፊሕ ተሳትፎ ህዝብታትና ኣብቲ ቃልሲ ከኣ ነቲ ቁልዒ ናብ ባርዕ ቀይሩ፡ መስተንክራዊ ዓወትን ቅያን ዝተሰነየ ሓርበኛዊ ኩናት ብምክያድ ንባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ሕፍረቱን ስዕረቱን ተሰኪሙ፡ ካብ ሃገርና ተሓግሒጉ ክወጽእ ገበሮ። ናይ መጀርያ ደሞክራስያዊት ጭርሖን ባህጊን ህዝቢ ኤርትራ ከኣ ብ24 ግንቦት 1991 ጋህዲ ኮነ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ብመገዲ ረፈረንዶም ሕጋውነቱ ደጊሙ ጸንበለ።

እዚ ዓወት እዚ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ነጻ ዝውጻእናሉን ከም ሃገር ከኣ ልዑላውነት ሃገርና ኣብ ዓለም ዘረጋገጽናሉን ሰለ ዝኾነ ኣብ ታሪኽ ጉዕዞ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣገዳሲ ምዕራፍን ክስተትን ኮይኑ ክምዝገብ ናይ ግድን እዩ። እዚ ግን ምስቲ ኣብ ውሽጢ 30 ዓመት ዘካድናዮ ብረታዊ ተጋድሎ ምእንቲ ናጽነትን ሓርነትን ዝኸፈልናዮ ኩሉ መዳይዊ ከቢድ መስዋእትን ዋጋን ኣመዛዚንካ ክረኤ እንከሎ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተራ ሃገራዊ ነጽነት ሓሊፉ፡ ስጋብ ሕጂ ካልእ ፋይዳ ከም ዘይ ኣምጸእልና ኣብዚ ንመበል 59 ዓመት ዝብዕል ዘሎ ሐደ መስከረም ብጋህዲ ክርኤ ኮይኑ ኣሎ። መኸንያቱ ኣብ መወእለ ብረታዊ ቃልስና ኩሉ እምሮናን ኣተሓሳስባናናን ንናይ ግዳማዊ መጥቃዕቲን ምክልኻልን ጥራይ ዘቕነዐ ኣንፈት ክንክተል፡ ኮነ ኢልካ ዝተገብረ ንውሽጥና ከይንርእን ከይትፍትሽን ንነብስና ብግቡእ ከይነለልን ዝምቡዕ ነብሱ ዝረስዔ ኣካይዳ ክንክተል ስለ ዝተገብረ እዩ። ናይዚ ዋጋ ከኣ ነዚ ሎሚ ንርእዮን ንሓልፎን ዘሎና ጭቡጥ ወድዓዊ ኣተሃላልዋ ሃገረናን ህዝብናን ውጺኢትን እዩ። ልዑላውነት ሃገርናን ሓርነት ህዝብናን ዘይውሕስ ናጽነት ኤርትራ ካብ ስማዊ ነጻነት ወይ ምስሉይነት ሓሊፉ እንታይ ይዓብስ?።

ካብ ኩሉ ዝኸፍኤ ከኣ ን29 ዓመት ዝኣክል ሕብረተሰብና ኣብ ዘበታዊ መግዛእቲ ርእሰ መላኺ ኢሰያስን ጉጅሊኡን ወዲቑን ተሓይሩን ማሲኑ ዛንዛን ክብል ምኻን ዝኸፍእ እንታይ ክመጾ ይኽእል?። እዚ ኩሉ ንምታይ ዕላማ እዩ ንገዛእ ህዝብኻ ካብ ባዓዳዊ መግዛእቲ ንላዕሊ ብዝኸፍኤ ስጋብ ክንድ'ዚ ክሳቐን ዘይድሊ ከቢድ መስዋእቲ ክኸፍል ዝግደድን ዝሕሰብን ዘሎ? ኢልና ሎሚ 1 መስከረም 2020 ከም መኽንያት ተጠቒምና ከነስተንትንን ክንመራመርን ባህርያዊ ኮይኑ፡ ህጽጽ ግብረ መልሲ ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ የድልዮ ምኻኑ ፈልጥና፡ ነብስና ንለውጢ ከነዳሉ ይህልወና።

ሐደ መስከረም ኣብ ታሪኽ ብረታዊ ተጋድሎና ናይ ሕራነና ቦኽሪ መበገሲት ናይ ጽንዓትና መግለጺትን ከም ምኻና መጠን፡ ሕጂ እውን ድሕሪ 59 ዓመት ከም ትማሊ ንቕጻሊ ምዕቃብ ልዕላውነት ነጻነት ሃገርናን ሐርነትዊን ቃልሲናን ብንቑሕ ተሳትፎና ከነረጋግጽ ንጥለብ። እዚ ዝፈታተነና ዘሎ ሕድሽ መድረኽ ከም ብድሆ ወሲድና ግቡእ መስዋእቲ ከፊልና ናብ ረብሓ ቃልሲ ህዝብናን ሃገርናን ክንቅይሮ ብዕቱብ ንቃለስ። ናይ ህግደፍ ናይ ሚስጢር ተላእኾ መዕለቢኣ ኣብይ ገጹ ምኻኑ ዝሕብር ምልክት ሂባ እያ። ህዝቢ ከኣ ካብ ጭቡጥ ወጽዕውን ተሞኩሮኡን ተበጊሱ ካብ ዝነበሮ ጽልግልግን ፍርሕን ወጺኡ ጸላኢኡ ርእሰ መላኺ ኢሰያስ ምኻኑ ኣለልዩ ኣሎ። መባእትዊ ውደበታቱ እውን ክገብር ይሽባሸብ ኣሎ። ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ እውን ነዚ መድርኽ ዝምጥን መልክዕ ውደባ ክቐርጻ ይጽዕራ ኣለዋ። እዚ ኩሉ ምልዕዓላት ናይ ህዝቢ ይኹን ፖሎትካዊ ሓይልታት ተበግሶ ግን ካብ ተስፋ ሓሊፉ ልዕሊኡ ዝኸደ ስለ ዘይኮነ፡ ካብዚ ዘልዎ ንላዕሊ ንቕሓቱ ክብ ኣቢሉ ናይዚ ዘለናዮ መድርኽ ተሃዋስነት ኣብ ግምት ብዘእተወ ንኹሉ ሓይልታትን ዓቕምታትን ህዝብና ኣዋሃሂዱ፡ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ዘቕነዐ ዝተነጸረ ዕላማ ኣዋዲዱ ብሐደ ኣንፈት ክመርሕ ዝኽእል ውዳበ ብህጹጽ ክግበር በዚ ንነየተሉ ክቡር መዓልቲ'ዚ ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተጠቒሚና ንጠልብ።

ንሕና ኣብ ጀርመን እንርከብ ጥርናፈ ፖሎትካዊ ውድባትን ስልፍታትን ነዚ ጉዳይዚ ኣብ ኣብ ሸቶኡ ስጋብ ዝበጽሕ ናይ ጸቕጢ ስራሓትና ከምቶም ካልኦት ናይ ቃልሲ ጠለባትና ሪኢና ከነትግብሮ ምኻና በዚ ኩቡር ማዓልቲ'ዚ ቃል ንኣቱ። ካልኦት ኣብ ምሉእ ዓለም እትረከቡ ተቓለስቲ ከኣ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ጸቕጥኹም ከትሕይሉ ንጽውዕ።

ባሕቲ መስከረም ንዘለኣለም ትኸቢራ ትንበር!

ዝኽርን ክብርን ንኹሎም ጀጋኑ ሰማእታትና!

**ሽማግለ ጥርናፈ ፖሎትካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ጀርመን**

ባሕቲ መስከረም 2020 ዓ.ም.